# ወራርን ኅበጣን ሉዓላዊ መሬት ኤርትራ ንኸብቅዕ፡ እገዳ ክልዓል....ዕሽሽታ ማሕበረ-ሰብ ዓለም፡ ደረት ክግበረሉ፡ ዝጽውዕ ናይ ክልተ ሳምንታት፡ ህዝባዊ ዲፕሎማሲያዊ ወፈራ..ብኣሳልጦ ተዛዚሙ.....

እዚ ንልዕሊ 10 ዓመት መመላእታ፡ ንክልተ ዓመትን መንፈቕን ድማ ብፍላይ፡ ብጻዕቂ ብዘይምቁራጽ፡ ናህሩ እናተዓጻጸፈ፡ ነቶም ንህላወን ገስጋስን ህዝቢ ኤርትራ ንምኹላፍ ብቐጻሊ ዝተናኾሉ ዘለዉ ተጻባእቲ፡ ንውጥናቶም ገቲኡን ገቲሩን ሒዙ ዘሎ፡ ንቑሕ ህዝባዊ መኸተን ህዝባዊ ዲፕሎማሲያውን ኅስጓሳትን፡ ምስ ግዜ እናተሳሕለ፡ ዓበይትን ጸለውትን ኣበርክቶን ኣስተዋጽኦን ከሰላስል ምጽንሑ ተረጋጊጹ'ሎ። ነዚ ሓቂ እዚ ኣጉሊሑ ዘድመቐ፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ክልተ ሳምንታት ክሰላሰል ዝቐነየ፡

“ ተቓውሞ ኣንጻር፡ ወራርን ኅበጣን ሉዓላዊ መሬትና!
ሕጂ'ውን ኣይንጻወሮን፡ ፍትሒ ክሳብ ዝረጋገጽ! “

ብዝብል ቴማ እተበገሰ፡ ስሙር ህዝባዊ ተቓውሞ፡ ከም ወትሩ ብብቕዓት፡ ብትጉህ መንፈስን ሕልናን ንዘበገሶ ጉዳይ፡ ብመሰረት'ቶም እተወጠኑ መደባት፡ እቲ ወፈራ ትማሊ 13 ሚያዝያ 2012 ተልእኹ ዛዚሙ።



እቲ ክመሓላለፍ ዝነበሮ መልእኽትታት፡ ስርዓት ወያነ፡ ኣብ ክፍላ ወርሒ መጋቢት፡ ሳዕቤናቱ ከይተገንዘበ ምስ'ናይ ፈኸራኡ፡ ኣብ ክሊ ሉዓላዊ መሬት ኤርትራ “**ኣትየ ወቒዐ**' ኢሉ ዝተጃህረሉ ሓደገይኛ ወስታ፤ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ውዱብ ሕቡራት፡ ነቲ ዝተወሰደ በደል፡ ከይኮኖኖ ኅስይዎ ብምሕላፉ ነድርና እናስማዕና፤ ነቲ ፍጻመ ክምርመር፡ መንግስቲ ኤርትራ ንዘቕረበሉ ጠለብ ከተግብር፤ ነቲ ዓሰርተ ዓመታት ኣቑጺሩ ዘሎ፡ ብይን ናይ ዶብ፡ ንዝንጉዕ ዕሽሽታዊ መርገጺኡ፡ ብትሪ ቅሬታና እናገለጽና፡ ብቕልጡፍ ኣብ መዓልብኡ ከብጽሖ፤ ኣብ ልዕሊ እዚ ሻዲኑ ዘሎ ኣካል ተሪር ስጉምቲ ክወስድን፤ እቲ ዘይፍትሓዊ እገዳ ክልዓል፤ ዝጽውዕን ዝጠልብን ኣገዳሲ ወፈራ እዩ ኔሩ።

ነዚ ቅዱስ ተልእኾ ኣብ መላእ ሰሜን ኣመሪካ እንነብር ኤርትራዉያን ኣመሪካዉያን፡ ዝተፈላለያ ሃገራውያን ናይ ሲቪክ ማሕበራት፡ ውድባት፡ ኣብያተ ክርስትያናትን፡ ኣሽሓት ዜጋታት ክታሞም ዘንበርሉ ናይ ምሕጽንታ ደብዳቤታት፡ ዘጠቓለለ ክኸውን እንከሎ፡ ጠመትኡ ነናብ ኣብ ከከባቢኡ ዝርከቡ፡ ኣባላት ህዝባዊ ወከልቲ ባይቶን ሰነተራትን፡ ናብ ጸሓፊት ወጻኢ ጉዳያት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ወይዘሮ ሂለሪ ክሊንተን፡ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ባን ኪ-ሙን፡ 15 ኣባላት ቤት ምኽሪ ጸጥታን ክኸውን ከሎ፤ ብተወሳኺ ኣብ ዋሽንግቶን ዲሲ እተኻየደ ካልእ እተፈልየ ንጥፈት፡ ነቶም ኣብ’ቲ ከተማ ዝርከቡ ቀወምቲ ኤምባሲታት ናይ’ተን 14 ሃገራት (ኣባላት ቤት ምኽሪ- ብዘይካ ኣመሪካ)፡ ብኣካል ኬድካ ምርካብን፤ ንክርከቡ ግዜ ዘይነበሮም ድማ ብኣካል ኬድካ ደብዳቤ ኣብ ኢዶም ከም ዝበጽሖም ተጌሩ ኣሎ።

ኩሉ ዝተኻየደ ቀጥታዊ ርክባት ድማ ኣዝዩ ዘተባብዕ ውጽኢት ክርከቦ ከም እተኻእለ፡ ነቲ ዝበጽሖም ምሕጽንታ ናብ ዝምልከቶ ኣካላት ከም ዘመሓላለፍዎ ኣፍሊጦም። ነቲ ተልኣኾ ዝፈጸሙ ነቲ ወፈራ ዝመርሑ መንእሰያት መኸተ ድማ ነቲ ዝዓቢ ዘሎ ተመክርኦም ተወሳኺ ውሕልነት ዘበርኽ ኮይኑ፤ ዘሕደረሎም ጠብላሕታ ዕግበቶም ገሊጾም፡፡ ንመጻኢ ንእተሰከምዎ ሃገራዊ ሓደራ፡ ብብቕዓት ከገልግልዎ ዝያዳ ክደፍኡ ተስፋ ዝህብ ፍጻሜ እዩ ኔሩ።

እዚ ዘየደቅስ ጉዳይ፡ ከም’ቲ ብሂል ተቓለስቲ፡ ዶብ ኣጽኒዖም ለይትን መዓልትን ዓይኖም ሰለም ከየበሉ ዶባትን ሉዓላውነት ሃገር ገጥ- ኣቢሎም ኣውሒሶም ዘለዉ ሰራዊት ዝብልዎ ”**ካብ ዘየደቅስ ፡ክትድቅስ፡ ኣይትደቅስ፡**” እዩ’ሞ እቲ ጉዳይ ክሳብ ኣብ መዓልብኡ ዝበጽሕ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ሓርበኛ፡ ንዘርእዮ ዘሎ ተባዕ፡ ጽኑዕ መኸታዊ መንፈስ እናድነቕና፡ ብዓጸፌታ ክቕጽሎ እምንቶና ኮይኑ፤ ነቲ ዝሰርሖ ዕዉት ስራሕ እንቋዕ ሓጎሰካ ንብል።

ዓወትና ናይ ግድን እዩ።
ዓወት ንሓፋሽ!!
ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ ዋሽንግቶንን ከባቢኣን፡